ኤርትራዊ ሃገራዊ
ግንባር

الجبهة الوطنية
الاريترية

# Eritrean National Front

## መርገጺ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ)

## ኣብ ሰላማዊ ፍታሕ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢዮጵያን፤

ኤርትራን ኢትዮጵያን ብ12 ግንቦት 1998ዓ.ም. ብጉልባብ ዶብ ናብ ኣዕናዊ ኲናት ዝኣተዋ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ጉጅልኡን ብዝኣለሙዎ ሽርሒ ምንባሩ ዝፍለጥ እዩ፡፡ መበገሲኡ ጸቢብ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ረብሓታት ቁንጮ ጉጅለ እዩ፡፡ እቲ ንክልተ ዓመታት ዝተኻየደ ደማዊ ኲናት፡ ገዚፍ ሰብኣውን ንዋታውን ዓቕሚ ክልቲኦም ሃገራት በሊዑ፡፡ ውዒሉ ሓዲሩ ድማ፡ ናብ ዓለም ለኻዊ መጋባእያ ቀሪቡ ብኮምሽን ዶብ ብይን ካብ ዝወሃቦ፡ እነሆ ልዕሊ 16 ዓመታት ሓሊፉ ይርከብ፡፡ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ዓመታት፡ ኣይ-ሰላም ኣይ-ኲናት ዝኾነ ሃዋሁው ተኸሲቱ ኣብ ልዕሊ ክልቲኦም ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ብፍላይ፡ ከቢድ ቁጠባዊ ዕንወት፣ ማሕበራዊ ምዝንባልን ሞራላዊ ውድቀትን ኣውሪዱ፡ በሰልኡ ብቀሊሉ ንምሕዋዩ ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ ኲነታት ንርከብ፡፡

ናይ'ዚ ከቢድ ሓደጋ'ዚ ቀንዲ ተሓታቲ፡ እቲ ብወጋሕትኡ ብምኽንያት ዶብ ኣዕናዊ ኲናት ዝወልዐ፡ ንፖሎቲካዊ ስልጣን ሃገር ብሓይሊ ብሒቱ፡ ንኩሎም ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ጨፍሊቑ ዘሎ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ጉጅልኡን እዩ፤ እዚ ጉጅለ'ዚ፡ ኣብ ኣፈጻጽማ ውሳነ ኮምሽን ዶብ፡ ናይ ክልቲኡ ሃገራት ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ብቐንዱ ከኣ ኣብ ዶብ ዝነብሩ ፡ ርእይቶኦም ዝህቡሉን፡ ተዛትዮም ዘተኣማምን መዕለቢ ከዉሕስሉ ዝኽእሉ ጥጡሕ ባይታ ኣብ ምፍጣር፡ ክልቲኦም መንግስታት ኣወንታዊ ተራ ክጻወቱ ስለዘይተቐበለ እዩ፡፡ ነባሪ ሰላምን ፍቕርን ክልቲኦም ኣሕዋት ህዝብታት፡ ልዕሊ ጸቢብ ጉጅላዊ ረብሕኡን ስልጣኑን ክርእዮ ባህርያቱ ስለዘይፈቕደሉ ጥራሕ እዩ፡፡ ብሰንኪ'ዚ ኣብያ'ዚ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ተወሳኺ ከቢድ ዕንወት ብርሰትን ምብትታን ከምዝወረደ፡ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት ሃገርናን ህዝብናን ምስክር እዩ፡፡

ፈጻሚት ኣካል ኢህወደግ፡ ብ 05 ሰነ 2018፡ ንውሳኔ ኮምሽን ዶብን ስምምዕ ኣልጀርስን ብዘይ ቅድመ ኲነት ተቀቢሉ፡ ንምትግባሩ ድሉው ምህላዉ ብምርግጋጽ፡ መንግስቲ ህግደፍ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስድ መጸዋዕታ ካብ ዘቕርብ ጉዳይ ዶብ፡ ኣብ ህዝቢ፣ ፖሎቲካዊ ሓይልታት፣ ሙሁራትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ዉዑይ መዘራረቢ ኣጀንዳ ኮይኑ ይርከብ፡፡ ገባቲ ስርዓት ጉጅለ ህግደፍ፡ ዝቐረበሉ መጸዋዕታ ኣብ ህዝብና ዘዕረፎ ጽልዋ ክጸናጸንን፤ ኣብ ጉጅላዊ ረብሕኡ ዘውዕለሉ ኲነታት ክፍትሽን፡ ንክልተ ሰሙን ኣጽቂጡ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ20 ሰነ 2018 ኣብ መዓልቲ ሰማእታትና ከምዝተቐበሎ፡ ጉጅለ ልኡኽ ናብ ኣዲስ ኣበባ ክልእኽ ምውሳኑ ተኸታቲልና፡፡ ኣብ'ዚ ረዚን ዕለት፤እቲ ከቢድ ስማእትነት ዝተከፍሎ ኲናት፡መንቀሊኡ ዶብ ዘይንባሩ'ውን ሓቢሩ። ኣብ ዝኸሮም፡ ብስሞም እንዳምሓለን እንዳጥሓለን ጥልመት ፈጺሙ። ብመሰረት' እቲ መግለጺ ብ26 ስነ 2018ዓ.ም. ድማ፡ ብዑስማን ሳልሕ ዝምራሕ ጉጅለ ልኢኹ፡፡ እዚ ልኡኽ'ዚ ዑደቱ ዛዚሙ ናብ ሃገሩ ካብ ዝምለስ ድምጹ ኣጢፊኡ ኣሎ፡፡

ህዝቢ ኤርትራ ን20 ዓመታት ሰላማዊ ቃልሲ ን30 ዓመታት ድማ መሪር ደማዊ ኲናት፡ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣካይዱ ሃገራዊ ነጻነቱን ልዑላዉነቱን ኣዉሒሱ ኢዩ፡፡ ይኹን ድኣምበር ፍረ ጻማ ቃልሱ ተጠሊሙ ኣብ ዝኸፍአ ጭቆናን ምዝመዛን ወዲቑ ኣሎ፡፡ ኢሳያስን ጉጅልኡን፡ ብዘይ ሕርያ ንህዝብና ን27 ዓመታት ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም፡ ብጭካነ እናገረፉ

ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ኣቃሊዖሞ ይረክብ፡፡ ምስ ጎረባብትና ሃገራትን ህዝብታትን ኩናት ከባርዕ እንከሎ፡ ይትረፍ ንህዝብና ክውክስ፡ ምስ ሃገራዊ ባይቶ፣ ማ/ሽማግለ፡ ፈጻሚትን፡ ህግደፍ’ውን ተማኺሩን ወሲኑን ኣይፈልጥን፡፡ ብውልቀ ውሳኔኡ፡ ብባድመ ዝጀመረ ናብ ሙሉእ ዶብ ልሒሙ፡ ሂወት ዓሰርተታት ኣሽሓት ዕሸላት መንእሰያት ኤርትራውያን ቀዚፉ እዩ፡፡ እቲ ዝወልዖ ኩናት ብከቢድ ስዕረት ህግደፍ ምስ ተዛዘመ፡ ናብ ኣልጀርስ ተጓይዩ ከይዱ ዝተፈራረመ፡ ምስ ህዝብናን፡ ምስ ዝተፈላለዩ ሰበ ስልጣናት ግንባርን መሓዉራቱን ተማኺሩን ተረዳዲኡን ኣይኮነን፡፡ ድሕሪ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ እንተኾነ፡ ኣብ ኣፈጻጽማ ውሳኔ፡ ነቲ ብቐዳምነት ዘተን ተሳትፎን ህዝቢ ዝሓትት ጸዊዒት ዝነጸገ፡ ካብ ሃገራዉን ህዝባዉን ረብሓታት ዘይኮነስ ካብ ጸቢብ ጉጅላዊ ረብሕኡ ብምብጋስ ጥራሕ እዩ፡፡

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሕሉፍ ይኹን ህሉው ኩነታቱ፡ ብሃገራዊ ቅዋም ሕጋዊ ውክልና ዝሃቦ፡ ብድምጹ ቆጺሊ ዘውደቐሉ መንግስቲ የብሉን፡፡ ኢሳያስን ጉጅልኡን፡ብዘይ ሕርያ ህዝቢ ብሓይሊ ብረት ፖሎቲካዊ ስልጣን ዓትዒቶም፡ ብግፍዓዊ ኣገባብ ዝገዝኡ ዘለዉ፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም፡ ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራውያን ዝሽዓቦምን ማዕቀብ‘ዉን ዝተነብረሎም ፋንፉናት እዮም፡፡ ስለዝኾነ’ውን፡ ዝኣትዉዎም ዉዑላት ይኹን ዝፈራረሙሎም ስምምዓት፡ ሓቀኛ ድልየት ህዝብና ከምዘይውክሉ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ) ይኣምን፡፡

ምስ ጉዳይ ዶብ ብዝተኣሳሰረ፡ መርገጺ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ) ዝስዕብ እዩ፤ ህዝቢ ኤርትራ ድልየቱ ሰላም እዩ። ኣብ ዞርያ ብዞሕነታዊ ክውንነቱ፡ ኣብ ሞንጎኡ ሰላምን ዱልዱል ሕውነትን ይደሊ፤ ምስ ጎረባበቱ ህዝብታትን ማሕበረ ሰብ ዓለምን ብሰላም ተኸባቢሩን ተሓጋጊዙን ብማዕረ ክዓቢ ይብህግ፤ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ምስ ጎረቤቱን ሓዉን፡ ህዝቢ ትግራይን ዓፋርን ኢትዮጵያ ድማ ብፍላይ፡ ብሰላምን ፍቕርን ዝነብር፡ እቲ ብኣይ-ሰላም ኣይ-ኩናት ሃዋሁው፡ ተንጠልጢሉ ዝጸንሐ ጉዳይ ዶብ፡ ዘተኣማምን መዕለቢ ክረክብ እንተኸኢሉ ጥራሕ እዩ፡፡ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ቀያድን ናይ መወዳእታን ዉሁብ ኮይኑ፡ ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ጎረባብቲ ህዝብታት ዘተኣማምን ሰላም ንምስፋን፡ ኣብ ትግባረን ኣፈጻጽማን ዝምልከት ድምጽን ርእይቶን ህዝቢ ብግቡእ ከእንገድ ይግባእ፡፡ መሰረት ዉሑስ ሰላም ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ወሳኒ ስለዝኾነ። ስለዚ እምብኣር ኣብ ክሊ’ዚ ውሳኔ’ዚ፡ እዞም ጎረባብቲ ዝኾኑ ህዝብታት፡ ዝዛተዩሉን ርእይቶኦም ዝሰማዓሉን ሃዋሁው ክፍጠር፡ ብክልቲኦም መንግስታት ሓላፍነት ክስከሙ ይግባእ፡፡

ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያን ዜጋታቱን ዝነበረ መሬት ናብ ሃገርና ጥራሕ ዘእተወ ኣይኮነን፤ ኣብ ትሕቲ ኤርትራን ህዝብናን ዝነበረ መሬት’ውን፡ ናብ ኢትዮጵያ ክኣቱ ዝተወሰነ ኣሎ፤ በዚ ምኽንያት፡ ቅዋማዊ መሰል ዝተሓረሞ ብሒም ኢሉ ከይዛረብ ዝተዓፈነ ህዝብና፡ መጻኢ ዕድሉ ጸልሚቱዎ ኣብ ጭንቀት ተሸሚሙ ከም ዝርከብ ኩሉ ደላዪ ሰላም ብሓፈሻ፡ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ድማ ብፍላይ፡ ክግንዘቡ ይህልዎም፡፡ ድምጺን ርእይቶን ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዶብ ዝነብር ድማ ብፍላይ፡ ዕሸሽ ምባል፡ ዘተኣማምን ሰላም ከዉሕስ ኣይክእልን እዩ፡፡ ስለዝኾነ’ውን ምስ ምምልካት ዶብ ብዝተኣሳሰረ፡ ህዝብና ኣብ መስርሕ ዘተ ክሳተፍ፡ ድምጹን ርእይቱኡን ክስማዕ፡ መጻኢ ሂወቱ ዘውሕስን ነባሪ ሰላም ዝረኽበሉ ምኽኑ ከረጋግጽ ከምዝግባእ፡ ጽኑዕ እምነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ) እዩ፡፡

ኣብ ላዕሊ ከም ዝገለጽናዮ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ምስ ጉጅልኡ፡ ናይ ዶብ ጉዳይ ነቲ ዝወልዖ ኩናት ቀንዲ መበገሲኡ ኣይነበረን፡፡ ስለዝኾነ ድማ፡ ጊዜ ክሽምትን ስምዒት ህዝብና ንምኽሳብን፡ ተቀቢልናዮ ብምባል፡ ሽሓጢ ስልቲ ክኽተል መሪጹ ኣሎ፡፡እቲ ብቀንዱ ኣብ ውሽጡ ሓቢኡዎ ዝኸረመ ፖለቲካውን ቁጠባውን ሒሳባት ክሳብ ዘየማልአ፤ ጉዳይ ዶብ ብዘተን ስምምዕን ህዝቢ፡ ናይ መወዳእታ መዕለቢ ረኺቡ፡ ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ኣሕዋት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓፈሻ፡ ምስ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ፡ ዝምድንኦም ናብ ንቡር ቦቱኡ ከይምለስ ምዕንቃፍ ኣይተርፍን፡፡ ድሮ ምልክታቱ ክግሃድ ጀሚሩ ኣሎ። ስለዚ እምብኣር ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ዓበይቲ ዓዲ፣ መራሕቲ ሃይማኖትን ሙሁራትን ድማ ብፍላይ፡ ግቡእ ኣቃልቦ ሂቦም፡ ትግባረ ምምልካት ዶብ፡ ብዘተን ልባዊ ስምምዕን ክልቲኦም ኣሕዋት ጎረባብቲ ህዝብታት፡ክቀላጠፍ፡ ኣብ ልዕሊ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ጉጅልኡን ልዑል ተጽዕኖ ክፈጥሩ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግኤሃግ) ይጽውዕ፡፡

ብዙሕነታዊ ሓድነትና ንድሕነት ሃገርና ! !

ፈጻሚ ኣካል

ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባርግንባር(ኤሃግ)

*05 ሓምለ 2018 ዓ.ም.*